ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
Executive Committee

# መግለጺ ብኣጋጣሚ
# ዝኽሪ ታሪኻዊ ኵናት ተጎርባ፣

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ዕለት 15 መጋቢት ታሪኻዊ ኲናት ተጎርባ ዝዝክረላ ዕለት ኢያ። እነሆ ሎሚ'ውን ዝኽሪ ተጎርባ መበል 61 ዓመት ታሪኻዊ ዓወት ኣብ ልዕሊ ምዱብ ሰራዊት ጸላኢ ዝተመዝገበላ ዕለት ኮይና ትዝከር ኣላ። ኲናት ተጎርባ ብዕለት 15 መጋቢት 1964፡ ኣብ መንጎ ጅግና ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን፡ ጎባጢ ሓይሊ መግዛእቲ ኢትዮጵያን፣ ኣብ ተጎርባ ዝተባህለ፣ ኣብ ምዕራብ ኤርትራ ዝርከብ ቦታ ዝተኻየደ ታሪኻዊ ግጥምያ ኮይኑ፣ ኣብ መስርሕ ጥምጥም ኣብ መንጎ ጅግና ሰራዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን፡ መግዛእታዊ ሓይሊ ኢትዮጵያን፣ ፖለቲካውን ወትሃደራውን ዓይነታዊ ዓወት ዝተረጋገጸላ ዕለት ኮይና ትልለን ትዝከርን።



ኣብ ኲናት ተጎርባ፣ ኣብ መንጎ'ቲ ሰፍ ዘይብል ሓይሊ ሰብን ኣጽዋርን ተሰኪሙ ዝመጸ መግዛእታዊ ሰራዊትን፡ ኣብ መንጎ'ተን ብብዝሒ ሰብ ይኹን ብዕጥቂ ፈጺመን ዘይዳረግኣ፡ ብስዉእ ጅግና መሓመድ ዓሊ ኢድሪስ፡ (ኣቡ ሪጃላ) ዝምርሓ ዝነበራ ሰለስተ ጋንታታት ሰራዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ዝተኻየደ ሓያል ኲናት እዩ ነይሩ። እቲ ንኲናት ተጎርባ ፍሉይ ዝገብሮ ድማ፣ ጸላኢ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ እዋናት፡ ብሓይሊ ፖሊስ ተጠቒሙ ንሰውራ ኤርትራ ንምጥፋእ ከፍትን ድሕሪ ምጽንሑን በዚ ክዕወት ስለ ዘይከኣለን፣ ኣብዚ ኲናት እዚ ንመጀመርያ ግዜ ስሩዕ ጦር-ሰራዊት ብምውፋር ንሰውራ ኤርትራ ከጥፍእ ዝተበገሰሉ ኲናት ምንባሩ እዩ። ኣብዚ ቦኹሪ ናይ ጦር-ሰራዊት ወፍሪ'ዚ ድማ፣ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፣ ናይ ትብዓትን ጅግንነትን ተወፋይነትን ዕጥቂ ብምዕጣቕ፣ ነቲ ንግዝፈ ሓይሉ ተኣማሚኑ፣ ንሰውራ ኤርትራ ኣብ ዕሸል ዕድሜኡ፡ ሓንሳብ ንሓዋሩ ክድምስሰን ከጥፈእን ዝወፈረ ሓይሊ ጸላኢ፣ ከቢድ ስዕረት ብምስዓብ፡ ክሳራታቱ ተሰኪሙ ሕፍረት ለቢሱን ዛሕ-ዛሕ እናበለ ከም ዝምለስ ገበሮ። ኣብ'ዚ ውግእ'ዚ ካብ ሰራዊት ጸላኢ 84 ወተሃደራት፡ ካብ መኮንናቱን ሰራዊቱን ክሞቱ ከለዉ፣ ብዙሓት ከኣ ቆሰሉ። ጸላኢ ድማ ሒዝዎ ዝመጸ መደባት ንምዕዋትስ ይትረፍ፣ ብኣገባብ ክሃድም ኣብ ዘይክእለሉ ኩነታት ኣትዩ፡ ፋሕ ብትን በለ። ብወገን ሰራዊት ሓርነት ከኣ፡ ንዘልኣለም ዝዝከር፣ ሓድጊ ጅግንነትን ተዋፋይነትን ገዲፎም፣ 18 ሓርበኛታት ተሰውኡ።

ድሕሪ ታሪኻዊ ኵናት ተጎርባ'ውን፡ ብዙሕ ተመሳሳሊ፡ ዕዉት ስርሒታት ኣንጻር ሰራዊት ጸላኢ ብቐጻሊ ተፈጺሙ ኢዩ። ብኽምዚ ድማ፡ እቲ ኣብ ውሱን ቦታታት ተሓጺሩ ዝነበረ መቓልሕ ሰውራ ኤርትራ፡ በብግዜኡ ናብ ኩሉ ኩርናዓት ኤርትራ ክዝርጋሕን፡ ሓፋሽ ህዝብና ድማ፡ ኣብ ሰውርኡ ዝያዳ ክተኣማመንን፣ ንተሳትፍኡ ኣብ ቃልሲ ከተባብዕን ተራእየ። ብኽዚ ከኣ፡ ታሪኻዊ ኵናት ተጎርባ፡ ንዝሰዓቡ ጅግንነታዊ ስርሒታት ንምዕዋትን፡ ንቀጻሊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምሃርን ደራኺ ተራ ከም ዝነበሮ ይፍለጥ።

ብሳላ'ቲ ካብ ዓወት ተጎርባ ዝነሃረን፣ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝወሰደን፡ ዘይሕለል ቃልሲ ህዝብናን፣ ዝኸፈሎ ሰፍ ዘይብል ዋጋን ድማ ፣ ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓወት ብምርግጋጽ፡ መሬትና ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዕለት 24,05,1991 ነጻ ብምውጻእ፡ ልዕላውነት ኤርትራ፡ ሓንሳብ ንሓዋሩ፡ ተረጋገጸ። ድሕሪ'ዚ ድማ፡ ህዝብና ኣብ መዋእል መግዛእቲ ዘሕለፎ ናይ ወጽዓን ስደትን ሕሰምን ዓመታት ንሓዋሩ ኣኺቲሙ ዝብል እምንቶ ኣሕደረ። ብሳላ ዝኸፈሎ ከቢድ ምወዋእትን ብርሰትን ድማ፣ መዋእል ስቓይ ኣብቂዑስ፣ ትስፉውን ብሩህን ዝኾነ፡ መድረኽ ተኸሲቱ፡ ፍትሕን ዲሞክራስን ማዕርነትን ዝሰፈና ሃገር ክሃንጽ ዓቢ ትጽቢት ኣሕደረ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ናጽነት፡ ህዝብና ከምቲ ዝተጸበዮ ዘይኮነስ፣ ኣብ ትሕቲ ብልሹው ምሕደራ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኣትዩ፡ ስቅያቱ ብዝኸፍአ ቀጺሉ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ካብ'ቲ ኣብ ግዜ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝሕለፎ ስቓይ፡ ብደረጃ ይኹን፡ ብዓይነት ዝበኣሰ ኣቓይን ሕሰምን ኣጋጠሞ። ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ንኤርትራ ናብ ዓባይ ቤት መእሰርቲ ቀይሩ፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብመቕተልትን፣ መጭወይትን፣ ማእሰርትን ወዘተ ዝግለጽ፡ ሰፍ ዘይብል ናይ መነባብሮ ሕሰምን፡ ግፍዕን፡ መከራን ብቐጻሊ ከውርደሉ ይርከብ።

*ሎሚ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ፡ ነቲ ህዝብና፡ ኣሸሓት ህይወት ናይ ብሉጻት ደቁ ከቢድ መስዋእቲ ብምኽፋል ከረጋግጾ ዘማዕድዎ ዝነበረ ናይ ሰላምን፡ ቅሳነትን ፍትሕን ዕብየትን፡ ሽቶታትን ዕላማታትን ብምቝጻይ፣ ንሃገረ-ኤርትራ ናብ ሲኦል ብምቕያርን፡ ንገመድ ሃገራዊ ሓድነት ህዝብና ብምልሕላሕን፡ ንልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ኣሳጢሕዋ ይርከብ ኣሎ።*



*ኣብዚ ሎሚ ሃገርና ኤርትራን ህዝባን ኣቲየም ኣብ ዝርከቡ ሓደገኛን ወሳንን ታሪኻዊ መድረኽ እምበኣር፡ ኩሎም ሓይልታት ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን፡ ቃልሶም ከኻዕብቱ ዓቢ ሓላፍነት ከም ዘለዎም በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከነዘኻኽር ንፈቱ። እዚ ክረጋገጽ ዝኽእል ድማ፡ ነቲ "ልዕላውነት መሬት ርትራን፡ መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝባን ሓራ ምውጻእን ምውሓስን" ዝብል መትከላትን ዕላማታትን ሰውራና፡ ብጽንዓትን ብዕትበትን፡ ኣሰሩ ምስ እንኽተል ጥራሕ ኢዩ።*

*ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓድሽ ኩናት ንኽባራዕ ዘኽእሉ ተርእዮታት ይቀላቐሉ ምህላዎም፡ ኩሉ ዝከታተሎ ዘሎ ሓቂ ኢዩ። ብፍላይ ድማ ክልቲኦም ስርዓታት ኣብ ዶባት ወትሃድራትን ኣጽዋርን ኣብ ምጽፍጻፍ ይርከቡ ብምህላዎም፣ ነቲ ወጥሪ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ኣብጺሕዎ ይርከብ። ብውገና ነዚ ምዕባሌ'ዚ ብዓቢ ስክፍታን ሻቁሎትን ክንከታተሎ ጸኒሕና። እቲ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ድማ፣ እቲ ብገለ መራሕቲ ኢትዮጵያ ክቐርብ ዝጸንሐ መግለጺታት ከም ዘረጋግጾ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክልቲኤን ሃገራት ዓቢ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ክውርድ ዝኽእል ኩናት ዝዕድም እዩ፡፡ ነዚ ምኽኑይ ንምግባር ድማ፣ መራሕቲ ኢትዮጵያ፣ መሰረት ዘይብሉ ብሂላዊ ታሪኽ እናልዓሉ፣ "ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣፍደገ ናይ ምውናን መሰል  ኣሎና" ብዝብል ምስምስ፣ ገና ነቲ ብቐዳሞት መራሕቲ እታ ሃገር ዝጋዋሕ ዝነበረ ዓማጽን ጎባጥን ባህርያት እናደጋገሙ፡ ዘይምልከቶም መሬትን ባሕርን ክምንዝዑ ይህቅኑ ምህላዎም ኢዩ። እቲ ኣብዚ ብዝያዳ ዝገርም ድማ፣ ባዕሉ ፕራይ ሚንስተር ዶ. ኣቢይ ብተደጋጋሚ ዘጋውሖ ዘሎ ኣበሃህላታት፣ ኣብ ጉዳይ "ምጥቃም ባሕርን ወደብን ዘይኮነስ፣ ኣብ ጉዳይ "ምውናን ባሕርን ወደብን" ዝዓለመ መቓልሕ ከቃልሕ ምስምዑ እዩ። እዚ ድማ ንሰላም ናይቲ ዞባ ናብ ዓቢ ጸጥታዊ ቅልውላውን ዘይምትእምማንን ኣእትይዎ ይርከብ።*

*እዚ ዘይቕዱስን፡ ዘራግ ሰላምን ዝኾነ ውጥናት'ዚ ድማ፣ ንኣህዛብ ዞባና ናብ ዳግማይ ሃልሃልታ ኩናት ዝጠብስን፣ ኣብ ነንሕድሕዱ ጽልኢ ብምዝራእ፣ ናብ ኣደዳ ስቓይን ሕሰምን ዘሳጥሕ፣ ሰላምን ምርግጋእን ኣህዛብና ዝብክል፣ ንመጻኢ ወለዶታት'ውን ሰፍ ዘይብል ዋጋ ዘኽፍል፡ ነውራም ኣተሓሳስባ ብምዃኑ፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ነዚ ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ኣህዛብ ጸረ-ሰላም ዘዘርእ ኣተሓሳስባ ይኹን ኣተሓሳስባ'ዚ ደው ንኽብል፡ ንመራሕቲ ኢትዮጵያ ኣትሪሩ ይምሕጸን። ብኣንጻሩ ድማ፡ ንዝሓለፈ ህልቀታትን ዕንወታትን ብምዝካር፣ ምክብባር ልዕላውነት ዝሕመረቱ፣ ንሰላምን ምትሕግጋዝን ናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ክሰርሕ ብትሪ ይጽውዕ። ብቐጻሊ፣ ማሕበረሰብ ዓለም'ውን፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብቲ ብተደጋጋሚ ዘጋውሖ ዘሎ፣ ብድዐ ዝሕመረቱ፡ ሓደገኛ መግለጺታት ክቕጠብን፣ ነቲ ብታሪኽ ዝፍለጥ ናይ ምስፍሕፋሕ ባህርያቱ ደው ከብልን፡ ግቡእ ጸቕጢ ክገብር ውድብና ይጽውዕ።*

ህዝብና ምስ ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራትን ኣህዛብን፣ ኣህጉራዊ ሕግታት ሰረት ዝገበረ፣ ኣብ ምትሕብባርን ምውህሃድን ዝሰረተ ዝምድናታት ክህልዎ ናይ ወትሩ ባህጉ ምዃኑ ነረጋግጽ። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ዝለለ፡ ብኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝተበየነ ፍርዲ፡ ዶባት ክልቲኣን ሃገራት ብምሕንጻጽ፡ ኣብ ባይታ ንኽትግበር ደጊምና ንጽውዕ። ብወገና ትግባረ ናይዚ ውሳኔ'ዚ፡ ንዝኾነ ምስሕሓብ ብምዕጻው፣ ሰላማዊ ጉርብትና ኣብ ምርግጋጽ ዘውሕስ እዩ፡ ኢልና ስለ ንኣምን።

ብቐጻሊ ኣብዚ ቀረባ እዋን ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ሳልሳይ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ቃልስና ዝደለ ዓይነታዊ ዝላ ንምርግጋጽ፡ ክሎም ሃገራውያን ሓይልታት ግቡእ ጻዕርታት ክካይዱ ጻውዒትና ነቕርብ። ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ሓፋሽ ህዝብና'ውን መሳርዑ ኣስሚሩ፡ ነቶም ኣብ ህዝብና ፍልልይን ምብትታንን ንኸፈጥሩ ዝህቅኑ ሓይልታት ብምምካትን፣ ኣብ ጎድኒ'ቶም ምእንቲ ፍትሕን ዲሞክራስያዊ ለውጥን ዝቃለሱ ሓይልታት ብምውጋንን፡ ሃገራዊ ግቡኦም ክጻወቱ ኣትሪርና ንምሕጸን።
ቀጺልና፣ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራን ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ትካላት ተዋፊሮም ዝርከቡ ኩሎም ሃገራውያንን፡ ኣብ ጎድኒ ህዝቦምን ፍትሓዊ ሕቶኡን ደው ብምባል፣ ሓርነትን  ፍትሕን ማዕርነትን ዝሰፈና ሃገር ንምምስራት፣ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ እጃሞም ከበርክቱ ብትሪ ንጽውዕ።

ኣብ መደምደምታ፣ ብጀጋኑ ሓርበኛታት ተጎርባን ብኹሎም ሃገራውያን ተቓለስትን ሕቡናት ምዃንና ብምርግጋጽ፣ ንጀጋኑ ስዉኣት ተጎርባን፡ ንኹሎም ሰማእታት ሓርነታዊ ቃልስና ዘልኣለማዊ ክብሪ ይብጻሓዮም። ዝተሰውኡሎ ዕላማታት ክሳብ ዝረጋገጽ ድማ፡ ቃልስና ቀጻሊ ምዃኑ ቃልና ንሕድስ።

ኤርትራ ሃገርና ነጻን ዲሞክራስያዊትን ኮይና ትንበር!!
ክብርን መጎስን ንጀጋኑ ስዉኣትና!!
ውድቀት ንምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.!!

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ !!

ፈጻሚ ኣካል
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
15/03/2025